ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ኣራሚት ሽማግለ

حزب النهضة الإرتري

اللجنة التصحيحية

Eritrean Nahda Party-Correction Committee

# ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ ዕዉት ናይ መብርሂ ኣኼባ ኣካይዱ።




ሓላፊ ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣራሚት ሽማግለ ሓው ሙሳ በሺር፡ ብጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝተዳለወ ናይ መብርሂ ኣኼባ ተረኺቡ፡ ብዛዕባ  እቲ ካብ ዕለት 29 ክሳብ 31 ታሕሳስ 2016 ዝተኻየደ ዕዉት ዋዕላ መብርሂ ሂቡ።  ሓው ሙሳ፡ ንኣኼበናታት ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ነቲ ኣብ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝተኸስተ ግርጭት ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ክፍታሕ ብዘይ ምኽኣሉ ንኹለ ፈታው ሰላምን ደላይ ዲሞክራሲያዊ ለውጥን ብውሕዱ ይቅሬታ ክንሓቶ ግቡእና እዩ ኢሉ።



ይኹን እምበር ነቲ ግርጭት ንምእላይ ብወገን ኣራሚት ሽማግለ ብዙሕ ፈተነታት ከም ዝተኻየደ ሓቢሩ።  ኣብ ሰልፊ ዝተኸስተ ግርጭት ኣመልኪቱ፡ እቲ ኣብ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ዝተራእየ ዘይሕጋዊ ግህሰት፡ ኣቲ ቅልውላው ኣብ ጥርዙ ዝበጻሓሉ ኣኳ እንተኾነ፡ ካብ ድሕሪ መስራቲ ጉባኤ ዝጀመረን፡ ፍሉይ ድሕሪ ባይታ ዘለዎም ኣባላት በብሓደ ምእላዮም ብመደብ ዝተሓሓዘ ጉዳይ ሙኻኑን፤ በቲ ባዕሎም ኣብ መርበብ ሓበሬታ በጨቅ ዘበልዎ ሚስጥራት ኩላትና ዝተዓዘብናዮ ጉዳይ ኢሉ።  እቲ ኣብ 2ይ ጉባኤ ዝተገብረ ውዲታት፡ መብዛሕቱ ኣባላት ልቢ ኣዕቢዩ እኳ እንተሓለፎ፡ እቶም ሰብ ውዲት ግን

ኣብቲ ግጉይ ዕላማኦምን ውዲታቶምን ከቅጽሉ ብምምራጽ፡ ሰልፊ ኣብ ክንዲ ናይ ስራሕ ጋንታ (Woking Team) ሓዲሽ ተርእዮ፡ ናይ ውዲት ጕጅለን ተጎዛዚኻ ምስራሕን ስራሕና ኢሎም ተታሓሒዞሞ። ኣብ መንጎ መሪሕነት ምትእምማን ጠፊኡ፡ ኣብ መንጎ መሪሕነትን መሰረታትን ዝነበረ ጽኑዕ ዝምድና ቅሂሙ፡ ብኣንጻሩ እቲ ሃጓፍ ዓቢዩ። ንሱ ጥራይ ከይኣክል፡ ኣብቲ ምልኣተ ጉባኤ ዘይነበሮ፡ 8 ካብ 21 ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ዝተሳተፍዎ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ዘይሕጋዊ ውሳኔታት ኣሕሊፎም።

ነዚ ዝተደራረበ ጌጋታት ዝራኣየ መሰረት ድማ፡ ካብኡ ንላዕሊ ክጻወር ስለ ዘይካኣለ ብዕለት 08-01-2016 ይኣክል ዝብል ድምጹ ከስምዕ ተበጊሱ። እዚ ተበግሶ እዚ ድማ ናህዳዊ ጀበርታዊ ዋዕላ ኮይኑ ኣብቲ ዝተመደበሉ ዕለትን ቦታን ድማ ብዓወት ተዛዚሙ ኢሉ። ሓው ሙሳ፡ ኣተሓሒዙ፡ እቲ ቀዳማይ ማዓልቲ ናይ ዋዕላ ኣብ ምንጻር ሕቶ ሕብረተሰብ ጀበርቲ ዘተኮረ ክኸውን እንከሎ ኣብቲ ካልኣይ ማዓልቲ ጉዳይ ሰልፊ ብፍሉይ ድሕሪ ምዝታይ እዚ ዝስዕብ ለበዋታትን ውሳኔን ኣመሓላሊፉ፡-

- ብሄር ጀበርቲ ነብሱ ዝኻኣለ ብሄር ሙኻኑ፡ እቲ ግዴታዊ ናይ ብሄራት ጽምበራ ድማ ዝኾነ ተቀባልነት ከምዘይብሉ፡
- ጉዳይ ብሄር ጀበርቲ ክሳብ ዝንጸር ክቡር ዋጋ ንምኽፋል ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ወትሩ ድልው ሙኻኑ፡
- ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣብ ቤርጌሳውያን ይኹን ግብረ-ሰናይ ማሕበራት ጣልቃ ከይኣቱ፡
- ንዕርቂ ዝግበር ፈተነታት ብዘይ ዝኾነ ይኹን ቅድሚ ኩነት ክቅበሎ ከም ምኻኑ፡
- ዋንነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ናይ መሰረታት ሰልፊ እምበር መሪሕነት ንበይኖም ዝውድእዎ ጉዳይ ከም ዘይኮነ፡
- ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው ለበዋታትን ውሳኔታትን ትኽታተል 15 ቁጽራ ጊዚያዊት መሪሕነት ተመሪጻ።

ኣብ መጨረሽታ ካብ ተሳተፍቲ ዝቀረበ ር እይቶታትን ለበዋታትን ድሕሪ ምምላስ፡ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ።

**ዓወት ንውዱዕ ህዝቢ ኤርትራ**

**ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**

**ክፍሊ ዜና -ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**29-01-2017**